# ምስ ጀነራል ዑቕበ ኣብርሃ ዝተገበረ ቃለ-ምልልስ

ቀስተደበና፦- ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዝገበርካዮ ቃለ-ምልልስ እቶም ናብ ሬዚደንት ዝጻሓፍካዮም ደብዳቤታትን ዝተዋህበካ መልስን ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ ክተቕርቦም ምዃንካ ገሊጽካ ኔርካ ሎሚ ክተቕርቦም ፍቓደኛ ዲኻ?

ጀነራል ዑቕበ፦- እወ ኣብ ክንዲ ሰብ እንታይ ኮን ነይሩ? እናበለ ዝጭነቕ እቲ ሓቂ ኪፈልጦ ጽቡቕ ስለዝኾነ ብወገነይ ኸቕርቦ ጸገም የብለይን፡፡ ቅድሚ ናብቲ ዝጽሓፍኩዎ ደብዳቤታትን መልስታቲን ምእታወይ ንኽፅሕፍ ዘበገሰኒ ኩነታት ክጠቅስ፡፡ ሃገርና ኤርትራ ድሕሪ'ቲ መሪርን ዝተናወሐ ቃልሲ ኣንፃር ዝተፈላለዩ ወራራትን መግዛእትን ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት ብሓፈሻ ድሕሪ'ቲ ግፍዓዊ መግዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ከኣ ብፍላይ ብዓሰርተታት ኣሽሓት መስዋእቲ፣ ስንክልና፣ በማኢት ኣሽሓት ስደትን ምብትታንን ምብራስ ዓድታትን ዝረኸበቶ ልኡላውነት ዓቂብና ብሰላም ናይ ናፅነት መቐረትን ንፋስን ከይዓገብናሉ ከለና ኣደራዕ ወራራትን ፅልኢ ብከባቢ.ታትናን ዝተፈላለየ ሃገራትን መፂኡና፡፡ እዚ ካብ ምንታይ ኮን ይኸውን? ካብ ናትና ናይ ኣገባብ ኣሰራርሓ ጉድለት ድዩ? ኣብ ዘይናትና ጉዳያት ኣቲና ኣንፃር ናይ ካልኦት ሃገራት ጠቕሚ ስለዝኸድና ድዩ? ኣህጉራዊን ኣከባቢ.ያውን ውሽጣዊን ኩነታት ዝገልፁን ዘተኣሰስሩን መጽናዕትታት ብዘይምግባርና በቲ ዓለም ዝርድኦ ቅጥዒ ስለዘይከድና ድዩ? ዋላስ ኮኾብና ስለዘይተበርሀንን ፅቡቕ ናትናን ስለዘይደልያን? ክፅንዑን ንቖፃሊ ተሞኩሮ ክንጥቀመሎምን ዘለዎም እኳ እንተኾኑ ሰብ ነሰራርሓና ኣብ ግምት የእትዩ'ውን በብመገዱን መምስ ዘቕርቦን ንገለ ገለ ዓበይቲ ጉዳያት ኣልዒሉ /ስለዘገድሶ/ ዝዛረበሉ ዝነበረ እዋናት'ዩ ነይሩ፡፡ ኣኼባታት ፈፀምትን ሓገግትን ኣካላት ኣብ ጊዝየኦም ኣይካየዱን፣ ኩነታት ገምጊሞም ኪውስኑ ዝግብኦም ሓገግትን ፈፀምትን አካላት ዝኾነ ሃገራዊ ፍፃመ ከምዝኾነ ተራን ወፃእተኛን ኣብ ማዕከናት ዜና ወይ ኣብ ጎደናታት ንሰምዖም፣ ስልጣን ሓገግትን

ፈፀምትን ኣካላት ብፕረዚደንት ተባሒቱ፣ ኣብቲ ዝርካቡ ዝግበር ኣኼባ ካቢነ ሚኒስትራት እንተኾነ'ውን ሓብሬታ ንምስማዕ እምበር ከምቲ ካቢነ /ፈፃሚ ኣካል መንግስቲ/ ኪኾኖ ዝግብኦ ኮይኑ ኣይሰርሐን፣ ኣሳታፊ ኣሰራርሓ የለን ተባሂሉ ኣብ ዝሕመየሉ ዝነበረ ከም ትካላት ቀይመን ኪሰርሓ ዝተመዘዛ ኣካላት መንግስቲ /ሚኒስትሪታትን ካልኦትን/ ኣብ ክንዲ ነቲ ዝተዋህበን መምርሒ ንኸማልኣ ሰባዊ ዓቕምና ብግቡእ ወዲብና ምድልዳል ዓቕሚና ብግቡእ ወዲብና ምድልዳል ዓቕሚ ሰብን ወፃኢታትን ተገይሩለን ትካላተን ኣደልዲለን ኪሰርሓ ዝተባብዓ፣ ስርሐን ብፕረዚደንት ብዝቖማ ኮሚቴታትን ውልቀ ሰባትን ተመንዚዑ፡፡ ናይቶም ሓለፍተንን ኣብተን ትካላት ዝርከቡ ኣባላተንን ምድራትን ምጉዳል ተሓታትነትን ተገዳስነትን ኣጋዲዱ፣ ትካላዊ ኣሰራርሓ የለን ተባሉ ብዝተፈላለና ላዕለዎት ሓለፍቲ ኣብ ንዛረበሉ ዝነበርና እዋን ዘይንፁርነት ፖሊሲ ኣሎ ፖሊሲታትናን ኣተገባብራኡን ትካላዊ ኣሰራርሕኡን ንዝተፈላለዩ መሓዙት ኤርትራ ዝስሕብ ኣይኮነን፡፡ ብኣንፃሩ ዘባርር እዩ፡፡ ቀዳምንታት ዘይተገብረሉን ብሕጊ ባጀት ዘይተመልከተን ምኻኑ ኸኣ ምድርራብን ናይ ስራሕ ዝምድናታት ዘይንፁርነትን የኸትል፣... ወዘተ ደብ ንብለሉ ዝነበርና ጊዜሃገራዊ ድሕነትን ሰባዊ ክብሪን ብሓዊን ቅዋማዊን መገዲ ኣይከይድን ኣሎ፡፡ ስሩዕ ሕጊ ዝገዝኦ ኣሰራርሓ የልቦን፡፡ ቅዋማዊ ኣሰራርሓ የልቦን፣ ስለዚ ከኣ ቅዋማዊ ኣሰራርሓ ኪተኣታቶ እዩ ዝሓይሽ ተባሂሉ ሰብ ኣብ ዝዛረበሉ ዝነበረ እዋን እየ ብቕንዕና ኣብ ኣገባብ ኣሰራርሓና ጉድለታት ኣሎ ኢለ ስለዝኣመንኩ ጉድለታትና ኣሪምና ናብ ዝሓሸ ኣገባብ ኣሰራርሓ ንኸንጓዓዝ እዚ ስዒቡ ዝግለፅ ደብዳበ ንብረዚደንት ዝፃሓፍኩ፡፡ ኣቲ ብድሕሪኡ ብደብዳበ ዝተመላለስናዮ እውን ምስኡ ተኸታቲሉ ቀሪቡ'ሎ፡፡

ቀስተደበና፡- ስለምንታይ ብጽሑፍ ክትህቦ መሪጽካ? ጀነራል ስለ ዝኾንካ እዚ ዓይነት ዘረባ ንፕረዚደንት ከተቕርብ ግቡእ'ዩ'ዶ ትብል?

ጀነራል ዑቕበ፡- ኣነ ኣገዳሲ ርእይቶ ንዝብሎ ናብ ፕረዚዳንት ከቕርብ ናይ ሎሚ ሓድሽ ጸሓፋይ አይኮንኩን፡፡ እቲ ጉዳይ ስለ ዘሰከፈንን ቀድሚ ናብ ሕማቕ ምኻዱ ኪእለ ኣለዎ ዝብል እምነት ስለዝነበረንን ብዕትበት ኪርእዮ ምእንቲ እየ ፅሒፈሉ፡፡ ኣብቲ እዋንቲ ከኣ ዝሓሚን ዝዛረብን ዝነበረ ሰብ ብዙሕ ኢዩ፡፡ ዋላኳ ሕጂ እንተስ ካብ ፍርሒ እንተስ ካብ ካሊእ ምኽንያት ርእይቶኡ ክህብ እንተዘይከኣለ፡፡ /በኦም ድሕሪ ኣኼባ ኪግበርን ጉዳያትና ኪዝተየሉን ሓቲትና ዝተነፀግና'ሞ ናብ ኣባላት ህግደፍ ቅሉዕ መልእኽቲ ኪዝርግሓልና ዝሓተትና ዝሕፀር ኣይነበረን/፡፡ ጀነራል ስለዝኾንኩ ከኣ ንፕረዚደንት ከማኽርን ስኽፍታይ ኪገልፅን ነይሩኒ እየ ዝብል፡፡ በውሽጠይ እናተሓመስኩ ናብ ዝኽፍአ ከይከይድ እናተሸቑረርኩ ብድሕሪት ሰብ እናመንጨትኩ ዝኣምነሉ ኣገባብ ኣካያይዳ ከይዘተኸሉ ክሰርሕን ፅዕነተይ ከየራገፍኩ ክስዋእን ሓላፍነት ዘጉደልኩ ኮይኑ ስለ ዝተሰማዓኒ እየ፡፡ ኣብ መንጎ ክልተ ዝተፈላለየ ውድባት ኣትየ ኸኣ ኣይኮንኩን መርገፂ ወስደ፡፡ ኣብ ምክልኻል ይኹን ካልእ ጥዑይ ኣሰራርሓ ንኽህልወናን ክንተኣራረምን እዩ ነይሩ መፅሓፊየይ፡፡ ፍርቂ ዕድመይ ዝተቓለስኩሉ ገድሉ ብነፃ ርእይቶይ ከቕርብ ዘይክእለሉ ስርዓት ንምትካል ኣይነበረን ኢለ ስለዝኣምን ኢየ፡፡

ቀስተደበና፡- እሞ ገለ ገለ ሰባት ምስተተንከፈ ኢዩ ብውልቃዊ ጉዳያቱ ተዛሪቡ ንዝብሉ እንታይ ትብሎም?

ጀነራል ዑቕበ፡- እቲ ሓደ ህያብ ናይ'ዚ እዋን ሰባት ኣብ ጋዜጣታት፣ ብፍላይ ኣብ ናይ ብሕቲ ብነፃ ርእይቶታቶም ምሃቦምን፣ ህዝቢ ሓበሬታ ረኺቡ ክመዝን ንኽኽእል ምዕዳሙን ኢዩ፡፡ ዋላ'ኳ ሰባት ኣብ ንፁር ሓበሬታ ተሞርኪሶም ክፅሕፉ ግቡእ እንተኾነ ሓደ ሓደ ብጌጋ እንተተጻሕፈ እውን ካብ ዝወሃብ መልስታት ክበርህ ስለዝኽእል ከጓናድብ የብሉን እየ ዝብል፡፡ እዚ ኣነ ዘቕረብኩዎ ፅሑፍ ንናይ ውልቀይ ረብሓ ዝትንክፍ እንተልዩዎ ወዲሰብ መመዛዘኒ ሓንጎል ስለ ዝተዋህቦ ክፈርዶ ይኽእል ኢዩ፡፡ ዋላ'ኳ ንሓላትነትን መዓርግን ኢለ ከምዘይሰርሕ ኩሎም መሳርሕተይ ዝፈልጡ እንተኾኑ፣ እቲ ዝተዋህበኒ መዓርግን ዝነበረኒ

ሓላፍነትን /ብዓል ምሉእ ጀነራል መዓርግን ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ምዃን/ ኣነ ይኹን ዝኾነ ሰብ ንኽነኣእሶ ዘመኽንየሉ ቦታ ኣይነበረን፡፡ እቲ ኣነ ካብ መዓርግን ሓላፍነትን ዝተላቐቕኩሉ ከኣ ድሕሪ እቲ ሃገራዊ ግቡእይ ኮይኑ ተሰሚዑኒ ዘቕረብኩዎ ርእይቶን፣ ኣብ 8ይ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ (ብዕለት 29/01/2000 ዝተኻየደ) ከእረም ኣለዎ ንዝብሎ ብምዝራብይን እዩ፡፡ ርእይቶይ ከኣ ከምቲ ዝተገልፀ ካብ ዘይቅኑዕ ኣተሓሕዛ እዚ ሕጂ ዝርአ ዘሎ ሳዕቤን ንኽይመፅእ መገዲ ንኽግበረሉ እዩ ነይሩ፡፡ ብውልቃዊ ጉዳይካ ተሓቲትካ ብዛዕባ መሰላትካ ምዝራብ'ሲ ይትረፍ ብዛዕባ ቤት ፅሕፈትካ ከመይ ክኸውን ከምእትደልዮ ተሓቲትካ'ውን ይምለስ'ዩ'ኮ፡፡

ቀስተደበና፡- ኣብቲ 8ይ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ እንታይ ስለዝበልካ ኢዩ ከምተወሳኺ ምኽንያት ተወሲዱ ካብ ሓላፍነት ወሪደ ትብል ዘለኻ?

ጀነራል ዑቕበ፡- ሓደ ኣብቲ ኣኼባቲ ማእከላይ ባይቶ ስለምንታይ ኣብ ጊዜኡ ዘይተኣከበ? እዚ ኩሉ ኩነታት ናይ ሃገር ብወረ ንሰምዖ ንምንታይ? ዝብል ብገለ ኣባላት እቲ ባይቶ ምስተላዕለ ኣብቲ በቦመንበር ዝውሃብ ዝነበረ መልሲ ስለ ዘይዓገብኩ ብወገነይ ዝሓለፈ ሓሊፉ ኢዩ ምኽኒያት ምሃብ ከኣ ዘድልዮ ኣይኮነን ኩሉ ሰብ ዝዛረበሉ ሕቶ ኢዩ፡፡ ንብድሕሪ ሕጂ ብኸመይ ኣብ ጊዚኡ ከምዝግበር እንተተዛረብና ይሓይሽ ኢለ፡፡ ብድሕረይ እውን ኣኼባ ኣብ ጊዚኡ ኪግበር ኣለዎ ንዝብል ዝደገፉ እዮም ነይሮም፡፡ ብድሕሪ እዚ ዝሰዓበ መልሲ ኣቦ መንበር መኣእን ስለ ዝቐየረ ማት ጉባኤ ሕጂ ክግበር ኣለዎ ብታሕቲ ታሕቲ ዝግበር ጎስጋስ እፈልጠ ኢየ ዝብሉ ኣዘራርባታት ስለዝመፁን ብወገነይ ጉባኤ ሕጂ ወያነ ሎሚ ፅባሕ ውግእ ክትጅምር መደብ ኣለዋ እናተባህለ ቅድሚ ሳልሳይ ወራር ኢዩ ነይሩ ክግበር ኣይከኣልን ኢዩ እየ ዝብል ፀገም የብልናን ዝበሃል እንተኾይኑ ኸኣ ፅቡቕ፡፡ ብዘዕባ ብታሕቲ ታሕቲ ዝግበር ጎስጓስ ትብሎ ግን ኣነ ከምኡ ዓይነት ጠባይ የብለይን ኣብ

መንጎና እንታይ ተፀሓሒፍና ሕጂ ክገልፆ ኣይደልንየ ዝተራእየኒ እዛረብ እምበር ኣየጎሳጉስንየ ስለዝበልኩ፡፡

ካልኣይ ድማ ኣባላት ማእከላይ ቤት ፅሕፈት ህግደፍ ንጥፈታቶም ኪገልፁ መድረኽ ምስተኸፍተ ካብ ፀሓፊ ናይቲ ቤት ጽሕፈት ጀሚርካ ዝተዋህበ መግለጺ ብዘይካ ኣወንታዊ ንጉድለታት ናይቲ ዕማማት ዝጠቅስ ኣይነበረን፡፡ ህግደፍና ብዝሓሸ ክትነጥፍን እድማዒ ስራሕ ክትሰርሕን ጉድለታታ ክትፈልጥ ኣለዋ ካብ ዝብል መበገሲ ርእይቶይ ሂበ፡፡ ንሱ ኸኣ ብመጀመርያ ህግደፍ ንሓደ ኣይርሕቆ ንሓደ ኣይቀርቦ ንኹላትና ሓደዩ ዝብፃሓና፡፡ ህግደፍ ኪሕይል ወይ ክደክም ግን ናብቲ ቤት ፅሕፈት ዝምለስ ሕቶ ኢዩ፡፡ ብወገነይ እዚ ቀሪቡ ዘሎ ገምጋም በዘይካ ጽቡቕ እቲ ኣሉታዊ ሸነኻቱ ስለዘየርኢ ኣነ ኣይቅበሎንየ፡፡ እዚ ኣብቲ ገምጋም ብዘይካ ፅቡቕ እቲ ኣሉታዊ ሸነኻቱ ስለ ዘየርኢ ኣነ ኣይቅበሎየ፡፡ እዚ ኣብቲ ገምጋም ቀሪቡ ዘሎ ንምኽታትን ሓገዝን ናይ ህዝቢ ዝምልከት ሃገራዊ ስሚዒት ዝደረኾ ህዝቢ ባዕሉ ዘበገሶም ደድሕሪኡ ዝሰዓብና እምበር ቀቅድሚ ህዝቢ ከድና ኣጎሳጊስና ዘፍረናዮ እዩ ክንብል ንኽእል ስለዘይመስለኒ፡፡ ቁጠባ ህግደፍ እንተሰርሐ እውን ሃገር እናተወረት ደቂስካ ስለዘይሕደር ኢዩ፡፡ ንምውዳብን ፖለቲካዊ ጎስጋስን ዝምልከት ከኣ ኣፅጋቢ ስራሕ ተሰሪሑ ክብል ኣይክእልንየ፡፡ ኣብ ሰራዊት ዝተኻየደ ንጥፈታት የለን፡፡ ኣብ ማእከሎት ካድረታት እውን ዝሓትዎ ሕቶን ዘድልዮም ሓበሬታን ስለዘይምለሽን ዘይወሃብን ተቐባልነት ህግደፍ እናጎደለ መፂኡ ኣሎ፡፡ ብመንፅር ንጥፈታትና ክረአ ከሎ ማለሊት ንፃና ንምጥፋእ ለይትን መዓልትን ብዘይዕረፍቲ እያ ትሰርሕ ዘላ፡፡ ስለዚ ብወገነይ ንቐፃሊ ጉድለታትና ኣሪምና ኣገባብ ኣሰራርሓና ከነመሓይሾ ኣና እየ ዝብል፡፡ ምስ በጀልኩ ገለ ነቲ ናተይ ደጊፉ ክስፍሖ እንከሎ ገለ ኸኣ ዝቃወም ነይሩ፡፡ ብዙሕ ክትዕ ከይተገብረሉ ግን ኣቦ መንበር እዚ ናይ ኣስመራ ውግእ እዩ ብዝብል መልእኽቱ ዘይተረዳኣኒ ኣዘራርባ ዓጽዩዎ፡፡ ድሕሪ'ዚ ኣኼባ'ዚ ነዊሕ

ከይፀንሐ ብዕለት 07/02/2000 ፕረዚደንት /ካብ ኩሉ ሓላፍነትን መዓርግን ተላቒቐ ከምዘለኹ ዝሕብር/ እዚ ዝስዕብ ደብዳበ ይሰደለይ፡፡

ብድሕሪዚ ኣብ 9ይ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ (02-04/09/2000)፣ ካልእ ዓበይቲ ጉዳያት ሃገር ምስወዳእና ኣብቲ ካልእ ኣርእስቲ ዘብል ኣጀንዳ ንጉዳየይ ኣመልኪቶ ኣ ዝስዕብ መግለፂ ሂበ፡፡

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ኣባላት ባይቶ እዚ ኣኼባ'ዚ ጉዳየይን መሰለይን ዘቕርበሉን ዝሓተሉን ባይታ (Forum) ብምኻኑ ጉዳየይ ከስመዓኩምን ተጋሂሱ ዝብሎ መሰላተይ ከቕርብን ኢየ፡፡

እንተ በዚ እንተ በቲ ኩላትኩም ሰሚዕኩም ከምዘለኹም ካብ ጽባሕ ሻሙናይ ኣኼባና ማለት ካብ ዕለት 07-02-2000 ጀሚረ ነስታት ሽውዓተ ኣዋርሕ ካብ ኩሉ ሓላፍነትን መዓረግን ተላቒቐ ወይ ደስኪለ ኣለኹ፡፡

እቲ ንምድስካለይ ጠንቂ ዝኾነ ዝተገለጸለይ ናይ ብጻይ ኢሳያስ ደብዳበ ከምዚ ዝስዕብ ኢየ፡-

እጠቅስ "ደብደባ ቁ.5" ተመልከት፡፡ እዚ ደብዳበ እዚ ምስ በፅሓኒ ናይ በሓቂ ገሪሙኒ፡፡ ምኽንያቱ፡-

- ኣብ ቀረባ ግዜ ዝበደልኩዎ ወይ ናይ መንግስቲ ስራሕ ዝሃሰኹዎ ክዝክር ኣይከኣልኩን፡፡ ሓደ ዝዝክሮ ኣራሚ ኮይኑ ዝተሰመዓኒ ግዜ እንተወሲዱ ናብ ሕማቕ ዝደፍእን ኮፍ ኢልና ክንዛረበሉ ግዚኡ ኮይኑ ዝተራኣየንን፡-
    - ኣሳታፊ ኣገባብ ኣሰራርሓ ዘይምህላው
    - ትካላዊ ኣሰራርሓ ዘይምምዕባልና
    - ፖሊስታትና ንፁርነት ዝጎደሎም ምኻኖም
    - ቅዋማዊ ኣሰራርሓ ዘይምትእትታውና

ዝብል ደብዳቤ ምፅሓፈይን ኣብቲ ዝሓለፈ ኣኼባና ኩላትኩም ዝሰማዕኩሞ ዘረባ ምዝራበይን ኢዩ፡፡ እዚ እንተኾይኑ ድኣ ርእይቶ ናይ ምቕራብን መሰል የብለይን ማለት ዲዩ ኢለ ሓሰብኩ፡፡

- ከምቲ ተባሂሉ ዘሎ ንነዊሕ እዋን ከይቀንሰንኩ ምጽንሐይ ዝፍለጥ እንተኾይኑ ንምንታይ ካብ ሚኒስተር ናብ ሚኒስተር ካብኡ ናብ ጀነራል እሰጋገር ነይረ ምርዳእ ኣብዩኒ፡፡ ብዘይምቕሳነይ ዝበደልኩዎ ከኣ ኣይቀረበለይን እነ እውን ኣብ ዘተመደብኩዎ ተጊሀ እሰርሕ ነይረ ኢየ ዝብል፡፡
- ብዛዕባ ምስ ቀይሕ ባሕሪ ዝተኣሳሰረ ናይ ገንዘብ ጉዳይ እንተኾነ እውን ኣነ ዝሻቐለሉ ኣርእስቲ የብለይን፡፡ ዝኸሰሰሉ እንተልዩ ከኣ ስለምንታይ ሕጂ እቲ ፍትሕን ርትዕን ምኽሪ ሰባትን ንምንታይ ሕጂ በኒኑ ምርዳእ ኣብዩኒ፡፡ ባዕልኻ ነቲ ጉዳይ ከተልዕሎ ትፅቢት ነይሩውን ተባሂለ፡፡ ኣነ ብመርመርቲ እናተሓተትኩ እንታይ ክብል ከኸይድ'ሞ ተጻዊዐዶ ክሕተት ኣይነበረንን'ዩ ጉዳይ ዝፈልጥ'ዩ ክፈልጥ ዝነበሮ ዝመስለኒ ገሪሙኒ ጥራይ፡፡